# ኢዮብ 38

1 ሽዑ እግዚኣብሄር ንእዮብ ካብ ህቦብላ ንፋስ ከምዚ ኢሉ መለሰሉ፡
2 ብዘይ ፍልጠት ብምዝራቡ ንምኽረይ ዜጸልምቶ መን እዩ?
3 ከም ሰብኣይ ኴንካ ሕቘኻ ተዐጠቕ፡ ኣነ ኽጥይቐካ እየ፡ ንስኻውን ምለሰለይ።
4 ኣነ ንምድሪ ኽስርታ ኸሎኹስ፡ ኣበይ ነበርካ? ኣእምሮ እንተ ኣልዩካስ፡ ንገረኒ።
5 ነቲ ልክዓ ዝወሰነ መን እዩ?ዒራ ትፈልጦ ኢኻ፡ገመድ መለክዒ ኣብ ልዕሊኣ ዝዘርግሔኸ መን እዩ?
6-7 ከዋኽብቲ ጽባሕ ሓቢሮም ኬመስግኑ፡ ኲሎም ደቅ ኣምላክ እልል ኪብሉ ኸለው፡ መሰረታ ኣብ
ምንታይ ተሰረተ? ወይ እምኒ መኣዝና ዘቘመ መን ኰን ይኸውን?
8 ከም ካብ ከርሲ ወላዲቱ ጥሒሱ ምስ ወጸ፡ ንባሕርስ ደጌታቱ ዝዐጸወኸ መን እዩ?
9 ደበና ልብሱ ኪኸውን፡ ድቕድቕ ጸልማት ድማ መጠቕለሊኡ ኪኸውን ምስ ገበርኩ፡
10 ዶብ ምስ ኣቘምኩሉ፡ መሸጐርን መዓጹን ምስ ገበርኩሉ፡
11 ክሳዕ ናብዚ ኽትመጽእ፡ ካብኡ ንንየው ኣይኰነን፡ እቲ ብርቱዕ ትዕቢት ማዕበላትካ ኻብዚ
ኣይኪሐልፍን እዩ፡ በልኩ።

# ሮሜ 13

8 እቲ ንብጸዩ ዜፍቅር ንሕጊ ፈጺምዎ እዩ እሞ፡ እታ ንሓድሕድኩም ምፍቓር እንተ ዘይኰይና፡ ንገለ
እኳ ዕዳ ኣይሃሉኹም።
9 እዚ፡ ኣይትዘሙ፡ ኣይትቕተል፡ ኣይትስረቕ፡ ብሓሶት ኣይትመስክር፡ ኣይትመነ፡ እተባህለ፡ ካልእ
ትእዛዝውን እንተ ኾነ፡ በዚ፡ ንብጻይካ ኸም ነፍስኻ ኣፍቅሮ፡ ዚብል ቃል ክቱት እዩ።
10 ፍቕሪ ንብጻያ እከይ ኣይትገብሮን፡ እምብኣርሲ ፍቕሪ መደምደምታ ሕጊ እያ።

# ማቴዎስ 8

23 ናብ ጃልባ ምስ ኣተወ፡ ደቀ መዛሙርቱ ሰዐብዎ።
24 እንሆ ኸኣ፡ ማዕበል ነታ ጃልባ ኽሳዕ ዜጐልብባ፡ ኣብቲ ባሕሪ ዓብዪ ምንዋጽ ኰነ። ንሱ ግና ደቂሱ
ነበረ።
25 ደቀ መዛሙርቱ ቐሪቦም፡ ጐይታይ፡ ጠፋእና፡ ኣድሕነና፡ እናበሉ ኣተንስእዎ።
26 ንሱ ኸኣ፡ ኣቱም ጕዱላት እምነት፡ ከመይከ እትፈርሁ፧ በሎም። ሽዑ ተንሲኡ ንንፋስ ንባሕርን
ገንሖም። ዓብዪ ህድኣት ከኣ ኾነ።
27 እቶም ሰብ ከኣ፡ እዚ፡ ንፋስን ባሕርን ዚእዘዙሉስ፡ መን ኰን ይኸውን፧ ኢሎም ኣስተንከሩ።